# ሽግር ተ.ሓ.ኤ-ሰባ ካብ ስሩ ይቀላዕ

ብ በይሉል (ናይ ብርዒ ስም)

## ሳልሳይ ክፋል

እቶም ብዘይቅድመ-ኩነትን ኣብ ክርደኣካ ዘይኽእል ሕልኽልኽ ዝበለ ኩነታት ካብ ኢ-ሰብኣዊ ቤት ማእሰርቲ ናብ ውድብ ዝተረከቡ ተጋደልቲ እዞም ዝስዕቡ እዮም፣-

1. ወልደማያም ባህልቢ
2. ሳልሕ ሱለይማን
3. ንጉሰ ጺጋይ

ናይ ምፍትሖም ጉዳይ ብሰብኣዊ ሸነኽ ክርአ እንከሎ ዘደስት ተረኽቦ ምኻኑ ጥርጥረ የልቦን:: የግዳስ ብፖለቲካዊ ማእዝኑ ምስዝምመ፣ ብየዋህነት ዝርአ ብፍጹም ኣይኮነን:: ብመንጽር፣ ካብቲ ከቢድ ጃስራዊ ቤት ማእሰርቲ ነቶም ዕድል ረኺቦም ህይወቶም ኣውሒሶም ዝሃደሙ ተጋደልቲ ክሳብ ክልተ-ሰለስተ መዓልታት ዝኣክል ብመካይኖም ዝሃድንዎም ዝነበሩ ምስ ትመዝኖ፣ እሞከኣ ነዞም ብደረጃ ዝላዓሉ መራሕቲ ሰራዊትን ክልተ ኣባላት ግዝያዊት ሽማግለ: ብፍልይቲ መኪና ጌሮም ካብ ቤት ማእሰርቲ ንከሰላ: ናብ ውድቦም ክመልስዎም ከለዉ፣ ናይ ሕቶ ምልክት ክንበረሉ ናይ ግድን ይኸውን:: እዚ ክውንነት ዝተኻየደሉ ኣብ መንጎ ጃስርን ውድብን ዝኾነ ይኹን ተስፋ ናይ መባእታዊ ርኽክብ ስለ ዘይነበረን፣ ድሒሩ እውን ወስታዊ ስጉምቲ እዩ ከብል ዘድፍር ጨሪ ምቅርራብ ስለዘይተራእየን፣ እሞ ድማ ጃስር፣ እቲ ንጀብሃ ብዝምልከት ብኸቢድ ቅርሕንትን ጽልኢን ዝተዋሕጠ ኣካል ብምኻኑን፣ ንኸምዚኦም ላዕለዋይ ሓላፍነት ዘለዎም ካድራት፣ ብሰናይ ድልየቱ ክፈትሓልካ ምጽባይ የዋህነት ካብ ምኻን ኣይሓልፍን::

ኣብቲ ግዜ'ቲ: ኣዚ ጉዳይ ብዙሕ ኣተሓሳሲቡን ኣተሓታቲቱን እዩ:: ስለምንታይ ብልክዕ እዞም መራሕቲ ክወጹ ተመሪጾም..?:: ስለምንታይ'ከ እቶም ተራ ተጋደልቲ፣ ቆልዑ፣ ገባር ውጉኣት ሓርነት ከይተረፈ ይእሰሩ..?:: እንታይ ዓይነት ሓድሽ ኩነታት ኮን ተፈጢሩ..ወዘተ ?: ዝብሉ መልሲ ዘይረኸቡ ሕቶታት: ኣብ ሓንጎል ካብዚ ጉጅለ እዚ ዘይኮነ ኣባል ይዞሩ ኔሮም:: ልክዕ እዩ: ጃስር ካብ ሳበ ብሰንኪ ምፍላዩ: እቲ ዝረኸቦ ዝነበረ ንወድቡ ዘድሊ ነገራት ተቓሪጹ ጥራይ ዘይኮነስ: ዝነበረ ውን ኣብቂዑ ኔሩ:: በዚ መሰረት ምትእስሳሩ ሙሉእ ብሙሉእ ምስ ህ.ግንባር ኮነ:: እዚ ከኣ ዓቢ

ወርቃዊ ዕድል ንግንባር ኣኸሰተ:: እሞ ህ.ግ. ቅድሚ እቲ ኣብ ማዓስከር ዝነበረ ኣብ ትሕቲ ሙሉእ መቁጸጻራ ምእታዋ: ኣብ ሱዳን ተሪፉ ንዝነበረ ናይ ጅብሃ ቀጻልነት ከይዓኩኽ ሕሳባ ገበረት:: ስለዚ ብኹሉ መልክዓትን ኣገባባትን ኣተኩሮኣ ናብ ሱዳን ኮነ:: እወ፣ ግንባር ሽዑ ጥራይ ኣይኮነትን ናይ ጀብሃ ኡሱራት ተፈቲሖም ናብ ውድቦም ከምዝምለሱ ዝገበረት ድሕሪኡ ውን ነይሩ እዩ:: እንተኾነ ፍትሒ ስለ ዝነበራ ኣይኮነን፣ ወላውን ቤት ማእሰርቲ ስለ ዝጸበባ ኣይነበረን መንቀሊ ዕላማኣ( ዓማ ክትሓቅቕ እያ) ውን ዘንጊዓ ኣየስምዕን:: ሓቂ እዩ ኩሎም ዝተለቁ ኩሎም ተላኢኾም ማለት ግን ኣይኮነን:: የግዳስ ትብዛሕ ትውሓድ ሓንቲ ጉጅለ እንተፈንያ: ገለ ካብኣቶም ሙሩጻት ፈጸምቲ ዕማማታ ምኻኖም ዘየጣራጥርን ጨቡጥን ተመኩሮ እዩ:: ብዕግበተይ ንጉሰ ጸጋይ ብዝምልከት ካልእ ጉዳይ ኮይኑ (ኣብ ቀጻሊ ክፋላት ክትንክፎ እየ) ወልደማርያም ባህልብን ሳልሕ ሱለይማንን ግን ብቐጥታ ናይ ህ.ግ. መሳርሒ ይኾኑ እዮም ዝብል እምነት ብፍጹም የብለይን:: ክዝንጋዕ ዘይብሉ ግን ወልደማርያም ባህልቢ ሓደ ካብቶም ቀንዲ መራሕቲ ናይዛ ጉጅለ ከምዝነበረ ብሩህ እዩ ነየሩ:: ኮይኑ ግን እዚ ባእታ እዚ ካብቶም ካልኦት ዝፍለየሉ ባህርያት ነይርዎ:: ንሱ ከኣ ብብልሽውና ይኹን ብዘይእርኑብ ጠባይ ኣይክሰስን፣ ብተወሳኺ ምስ ብርእቶኡ ዝፈላለይዎ እውን ናይ እንካን ሃባን ጠባይ ነይርዎ:: ስለዚ ብናተይ ግምት ህ.ግ. ናይ ምጭወዩ ብይን ዝወሰዱሉ ምኽንያት፣ ከምቲ ዝወጠንዎ መሳርሒ ክኾነሎም ከምዘይክእል ምስ ገመቱ. ”...ከምቲ ዘውጻእናካ ክንመልሰካ እውን ንኽእል ኢና...”ዝዓይነቱ እቲ ልሙድ ብዱዕ ባህርያት ህ.ግ. ዝፈጠሮ እዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ:: ምናልባት ኢ.ፈ.ሽ. ወተሃደራዊ ቤ.ጽ. ሓላፊ ብምንባሩ፣ ውድብ ንምድኻም ዝተወስደ ስጉምቲ እዩ፣ ዝብል ኣገላልጻውን ቦታ የብሉን:: ምኽንያቱ ውልቀ-ሰባት ብምጭዋይ፣ ተሓኤ ከምዘይትዳኸም ግንባር ሕርሕራይ ገይራ ትርዳእ እያ:: ስለዚ እቲ እንኮ መግለጺ ነዊሕ ኢድን ሕነኣዊ ሕሳባት ህ.ግ. ዝፈጠሮ ኣረመናዊ ስጉምቲ ካብ ምኻን ኣይሓልፍን::

ድሕሪ 1987 ንጥፈታት ጉጅለ ንኽግበር ተወጢኑ ዝነበረ ሳልሳይ ሃገራዊ ጉባኤ ብኸመይ ንቆጻጸሮ ዝብል ኣጀንዳ ቀንዲ መዋሰኢኦም ነጥቢ ኮነ:: በዚ ድማ ንኣባላት ብሓፈሽኡ ንተጋደልቲ ብፍላይ ንኣርባዕተ ደረጃታት ከፊለሞ ከበሃል ይከኣል፣-

1. ቀንዲ ኣባላት ጉጅለ፣- ብምስጢር ዝተሰርዑ ፣ እዚ ሓቂ እዚ ወላኳ ጉጅለ ክሳብ እዛ ዕለት እዚኣ ኣሉ እንተበሉ፣ ቀድሚ 3ይ ሃገራዊ ጉባኤ ምቅልላዕ ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ኣብ ከተማ ከሰላ ዝተገብረ ናይ መሪሕነትን ላዕለዎት ካድራትን ሰሚናር ስዉእ መምህር ሚክኤል ጋብር ብዘየማትእ በሃሊኡን ምስክርን ኣሰንዩ ቀሊዕዎ እዩ::
2. ተደናገጽቲ ጉጅለ፣- ምስጢራዊ ስርርዕ ጉጅለ ዘይፈልጡ፣ የግዳስ ኣብ መብዛሕትኡ መርገጻት ካብ ጉጅለ ዘይርሕቁ፣ ገሊኦም ውልቃዊ ጥቅሞም ዝዓጠጦም፣ ገሊኦም ከኣ ብግርህና ብሰንኪ ስዩም መርገጽ ዝወሰዱ ነይሮም::
3. ኣባላት መሪሕነት፣- እዚ ጉጅለ ብዘይካ ብፍላይ ዶ. ሃብተን ስዩምን ንካልኦት ኣብ ላዕለዋይ ጸፍሒ ዝነበሩ ኣባላት መሪሕነት ከይትንከፉ ብብርቱዕ ጥንቃቐ ከም መድርኻዊ ታክቲክ ገይሮም ብምወሳድ እዮም ተንቀሳቒሶም፣ ምኽንያቱ እቲ ቀንዲ ሃሞም ስልጣን ስለዝነበረ ብኸመይ ነቶም ነባራት ኣባልት መሪሕነት ኣብዛ መዋእል ከይተንከፍካ ብምጽንባር ሰውራዊ ባይቶ ትቆጻጸር ስለዝነበረ፣ ሜልኦም ሰሪየም ይንቀሳቀሱ ነይሮም:: ንነባራት ኣባላት መሪሕነት ክሕዙሎም ዝተወጀሁ ኢብራሂም መሓመድ ዓሊን ተስፋይ ደጊጋን ይመስል::
4. ንጉጅለ ተጻባእቲ ፣ ኩሉ ካብ መደቦም ወጻኢ ዝነበረ ኣባል ከምተጻባኢ ብሙቅጻር ንምብራሮም፣ ዘይተፋሕረ ተንኮል ኣይነበረን:: ጉጅለኣዊ መደባቶም ብኣግኡ ነቒሖምሉ ንዝተጻበእዎም ተጋደልቲ ኣጸሊምካን ሞራሎም ኣዳኺምክን ቃልሲ ክምዝገድፍ ምግባር ቀንዲ ዕለታዊ ተግባሮም ገይሮም ተተሓሒዝዎ::

እንዳ ጃስር ሃብተ እዩ ኣእትዩና ዝብል ሓሶት ብስፊሑን ብጉዕዙይ ኣገባብን ክዝርግሕዎ ፈተኑ:: በቲ እዋን እቲ እዚ ናይ ሎሚ ግዜኣዊ ብጻዮም ገይሮም ሒዞሞ ዘለዉ ሓውና ስዮም፣ ..መሰፍን፣ ኣድሓርሓሪ.. ብምባል ከጸልማዎ ይውዕሉ ነይሮም:: ንዝተጻረሮም ተጋደላይ ናይ ስዩም ሰዓባይ ዝብል ስም ይወሃቦ ነይሩ:: እቲ ሓቂ ግን ቅድም ይኹን እቲ መዋእል ወላ'ውን ሎሚ፣ ስዩም ብጻይ ኣይነበሮን፣ የብሉን፣

ብረግጽ እውን ኣይክህልዎን እዩ:: ሓውና ስዩም ብጻይ እትብል ቃል ኣብ መዝገብ-ቃላት ብተኣምር ከምዝሰፈረት ጥራይ ዝፈልጥ ሰብ እዩ ዝመስል::
ጉባኤ ኣትዮም ክዕወቱ ከኣ ብዝከኣል መጠን ተኻፊልቲ ጉባኤ ክኸስቡ ስለዝግባእ፣ ክኸስብዎም ዘይክእሉ ኣባላት ተበሳጭዮም ከምዝባረሩ ወይ ከኣ ከምዝድስክሉ ስራሕና ኢሎም ተተሓሓዝዎ:: መብዝሕትአን ህዝባዊ ኣገልግሎት ትካላት ውድብ ከኣ ነዚ እከይ ተግባር ተጠቕሙለንን::

ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጠቕሰ: እቲ ኣገዳሲ ክፍልታት ናይ ውድብ ብቐጥታ ይኹን ብተዛዋዋሪ ዳርጋ ብሙሉኡ ኣብ ኢድ እዚ ጉጅለ'ዚ ኣተወ:: ንኣብነት ምጣነ-ሃብታዊ ክፍሊ ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ኢዶም ዓለበ፣ ወታሃደራዊ ክፍሊ ዝዓበየ ክፋሉ፣ ፖሎቲካዊ ስርዒታዊ ክፍሊ ዝዓበየ ክፋሉ፣ ጸጥታ ኣብ ታሕተዎት ኣካላት ዝዓበየ ክፋሉ፣ ሕብረተ ሰብኣዊ ብፍላይ ሕክምና 100% ቀስ ብቐስ ድማ ክፍሊ ትምህርቲ ክቆጻጸርዎ ፈተኑ:: ን ስዉእ መምህር ሚክኤል ጋብርን ካልኦት ምሁራትን ንምልጋስን ሞራሎም ኣዳኺምካ ንምድስካልን ዝተገብረ ፈተነታት ዘይርሳዕ ናይ ትማሊ ኣብነት እዩ::

ጸጥታ:- ብናይዚ ጉጅለ ዝተወጀሁ ገለ ኣባላት ክፈሊ ጸጥታ: ኣብ ክንዲ ውድባዊ ጸጥታዊ ኩነታትን: ደጋዊ ሸነኻትን ዝከታተሉ: በዓል መን ኣበይ ኣተዉ፣ ምስ መን ተራኺቡ፣ ክብሉ ንዝምክትዎም ተጋደልቲ ናይ ውድብ ጥራይ ክሕሉዉን፣ ውደብ ድማ በየናይ ሸነኹ ህይወት ይረክብን ይሰፍሕ ኣሎ እሞ ብኸመይ ንጥቕሞም ይውዕል: ንምሰጢራዊት መሪሕነት ጉጅለ ከቀባብሉ ተወጅሁ:: ንሱ ጥራይ ከይኣክል ንዘይቅበልዎም ኣባላት ንምድሰካል ከም ተወሳኺ ዕማሞም ወሰዱዎ:: ንደቂ ተባዕትዮ ኣብ ቦታ ስሮሖም: ንደቂ ኣናስትዮ ድማ ገዛገዛ እንዳተኣትወ፣ ናይ ሕሹኽሹኽ ወናማት ኮኑ::

ሕብረተ ሰብኣዊ:- ኣብ ከሰላ ውድብ ዝልለየለን ክልተ ንጥፈታት ነይረን:: ንሳተን ድማ ሕክምናን ትምህርትን እየን:: ይኹን እምበር ሕክምና ውድብ: እታ ኣባላት ዘባሳጨወትን፣ ዓቢ ስምብራት ኣብ ኣእሙሮም ዝሕደረትን ትካል እያ:: ምኽንቱ ኩሉ ብሱዳን ዝሓለፈ ከምዝፈልጦ: ብዓሶ ይኹን ብኻለእ ሕማማት: ስደተኛታት እንዳ

ተሳቐዩን ናይ መድሃኒት ጽጋዕተኛን ኮይኖም እዮም ዝነበሩ:: እሞ ሓደ ኣቦ ስደራ: ምስቲ ከቢድ መነባብሮ: ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ክልተ-ሰለስተ ቆሉዑ ሓሚሞም: መደሃኒት ክገዝኣሎም ከቢድ እዩ:: በዚ መሰረት ኣባላት ውደብ: ሕሙማት ደቆም ሒዞም ንሕክምና መጺኢም: መድሃኒት ክረኽቡ ተሪፉ: በቲ ስዲ ዝኾነ መላሕስ ኣባላት ሕክምና ተገሪፎም: ብስጭት ወሲኾም: ደቆም ኣንጠለጢሎ ይምለሱ: ገለ ድማ ኣብኡ ምስኦም ይተሓናነቑ:: ስለዚ ሕክምና ውድብ: ናይ ድጉል በታኒ ጉጅለ ከቢድ መሳርያ እያ ነይራ:: ኣገልግሎታ ከኣ ንምጥቃዕ ስነ ኣእምሮኦም ናይ ዘይደልይዎም ኣባላት ውደብ ክኸውን እንከሎ፣ ኣማስይኡ ከኣ ኣባላት ተበሳጭዮም ውድብ ንኽገድፉ እዩ፣ ንምሩጻት ዝድግፍዎም ኣባላትን ኣዝማዶምን ግን መፋተዊ ነበረት:: በቲ ኻለእ ሸነኽ ድማ: መድሃኒት ውድብ ኣብ ፋርማሲ ሱዳን ይኹን ኣብ ካልእ እንዳተሸጠ: ናይዚ ጉጅለ'ዚ ዓቢ ኢኮኖሚያዊ ማእቶት ኮነት::

## ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት

ጉጅለ ብኣግኡ ነዚ ቤት ጸሕፈት እዚ ንምቁጽጻር ብጻዕቂ ካብ ምንቅስቃስ ኣይተቐጠቡን:: እቲ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ እዚ ትካል እዚ ዝተቆጻጸረ ዓቢ ፖለቲካዊ ጽልዋ ከምዝህልዎ ዝኾነ መባእታዊ ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ተገንዝቦ ዘለዎ ሰብ ዘይስሕቶ ክውንነት እዩ:: ስለዚ ከኣ እዚ ኣንጻ እዚ ዝኣምኖም ባእታታቱ ኣብ ቁልፋዊ ቦታታት ክሶክዕን ክቆጻጸርን በቀዐ:: ንዝገጥምዎም ገዳይም ተጋደልቲ ከኣ በቲ ልሙድ መሳርሒ ሞራሎም ብምዝባጥ ቃልሲ ከምዝገድፉ መደባቱ ሰርዐ፣ ገለ ካብ ኣቶም እውን ተዓወተሎም:: ወፈራ ናይ ጸለመ ዘፍሸሉን ዕላማ ጉጅለ ዘለለዩን ተጋደልቲ ከኣ፣ ስለ ዘጸግምዎም ብንኡስ ክውንን ዘይክውንን ምኽንያታት ብምእሳር፣ ምስዝፍትሑ ካብ ቁልፊ ቦታታት ከምዝግለፉ ገበሩ:: ካብኡ ሓሊፉ ኣብ ማዓስከር ዝሓመሙ ናብ ጉጅለ ዝቐረቡ ተጋደልቲ ዕንቅሪቢት ተነኺሶም ንላዕለዋይ ሕክምና ንከሰላ ክላኣኹ ከለዉ ካብኣቶም ዘይኮኑ ግን ሕማሞም ካብ ናይ ማዓሰከር ሓኪም ዓቕሚ ንላዕሊ ከንሱ፣ ንሕክምና ንልዕሊኡ ንከይሓልፉን ዝግባእ ማእለያ ከይረኽቡን ተፈርዱ:: ንባህርያዊ ናይ ሕማም መስዋእቲ ከይተረፈ፣ ንዘይሰማምዑዎም ከም መጋላገሊ ሓገዝ ገሮም ወሰድዎ:: በዚ ምኽንት ብተመኩሮኦም ይኹን ብብዓቕቶም ኣዝዮም ሙሩጻት ተጋደልቲ ኣጥፊእና:: ስዉእ ዓብደላ ናስር ከኣ ህያው ኣብነት እዩ:: ብዘይካ እዚ ገለ ሓለፍቲ ወተሃደራዊ ክፍሊ ንኣብ ትሕቲኦም ዘገልግሉ ዘለዉ ኣብ

ሜዳ ዝርከቡ ደቀ-ተባዕትዮ ተጋደልቲ ክብሪ ከየናሕሰዩ፣ ሓዳርን ቆልዑን ዘለወን ብጾቶም ደቀ-ኣንስትዮ ብምብዕላግ፣ ክሳብ ሓዳር ኣብ ምፍራስ ተራ ተጻወቱ:: እዚ ተግባር እዚ እውን ናብ ካልኦት ሰብ ሓዳር ኣባላት ውድብ ዝተዛመተ ሞራል ኣልቦ ተግባራት ናይዚ ኣንጻ ካድራት ኮይኑ ነይሩ እዩ::

ኣብ ሱዳን ብሓፈሽኡ ብፍላይ ኣብ ከሰላ፣ ከም መናህሪያ ውድብ መጠን፣ ኣባልት ውድብ እንታይ ይካየድ ኣሎ ብቐረባ ናይ ምክትታልን ምዕዛብን ዕድል ስለዝነበሮም፣ ኣብ ልዕሊ ኣንጻር መግዛእታዊ ጸላኢ፣ ኣብ መንጎ እዛ ጉጅለን ዝሰፈሐ ኣካል ውድብን መሪር ቃልሲ ክካየድ ግድን ኮነ::
ብኻልእ ሸነኽ ህ.ግ. ውድብና ብውሽጢ ብግሁድ ብመንገዲ መሓመድ ብርሃን ብላታን እድሪስ ሑመዳይን ክተማህመን ትጽዕር ከምዘላ ብሩህ ስለዝነበረ፣ ዝሰፈሓ ኣካል ውድብ ኣንጻር ሰለስተ ተጻባእቲ ክቃለስ ናይ ግድን ኮነ:: ዘሕዝን ግን በዓል ብርሃን ብላታን ጉጅለን ኢድን ጓንትን ደኣ ኮኑ::እዞም ሰባት እዚኣቶም ብደረጃ ተራ ተጋደልቲ: ወይ ድማ ማእከሎት ካድራት ዘይኮኑስ: ኣባላት ሶውራዊ ባይቶን ኣገዳሲ ቦታ ዝሓዙን እዮም:: ብርሃን ብላታ: ንነዊሕ ግዜ ወኪል ውድብ ኣብ ከሰላ እዩ ኔሩ:: ሑመዳይ እውን: ሓላፊ ክፍሊ ትምህርቲ ኮይኑ: መማህራን ካብ ውድብ ክሰጉግ ከዳኽምን ከሎ፣ ወዲ ብላታ ድማ ብወገኑ: ከም ሓላፊ ናይ ከሰላ: እሞ ከኣ ውድብ: ዳርጋ መብዛሕትኡ ኣብ ከሰላ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ብምኻኑ: መደባቱ ክፍጽም ምቹእ ነይሩ:: ብርሃን ብላታ: ንጀብሃ ክከላኸሉላ ዝኽሉ ተጋደልቲ ምምራድን: ስሩዓት ምብራርን: ከም ካብቲ ቐንዲ ዕላሙኡ መጠን: ብደስታ ክፍጽሞ ከሎ፣ ኣባል ውድብ ድማ: ተጋዳላይ ይኹን ስሩዕ ብዘይ ተኻላኺሊ እንደገና: ናብ'ዚ ሽግር እዚ ተጋለጸ:: ብኻልእ ሸነኽ ድማ: መሓመድ ብርሃን ማዓልታዊ ስሩሑ እቶም ዝተባረሩ ይኹኑ ዝደስከሉ: ብጉጅለታት ይኹን ብውልቀ ህ.ግንባር ንኽትከታተሎምን ክትጥርንፎምን ጸብጻባትን ሓበሬታታትን ምትሕልላፍ ኮነ::

ኢብራሂም መሓምድ ዓሊ፣እዞም ክልተ ኣባላት ናይ ግንባር ምኻኖም ብዙሕ ጭብጥታት ዝተሰነየ ሓበሬታት ይመጽኦ ኔሩ:: ግን ድማ ዝቐረበ ጭበጢ ብቑዕ ኣይኮንን ብመባል ብትሪ ክነጽጎ መሪጹ:: እዚ ድማ ብጋህዲ ብዘይ ስኽፈታ ማዓልታዊ ተልእኾኦም ክፍጽሙ፣ የተባበዮም ኔሩ: ስለዚ እቲ ዝነበረ ሓደ ኣማረጭ፣ ናይ

ህ.ግንባር ሰለይቲ እሞ መሪሕነትካ ዝተቀበሎም፣ ምስኦም ኮንካ ትሰርሕ ከምዘለኻ ብምቕባል: ብዝተኻእለ መጠን ክትቆጻጸሮ ትኽእል ዘበለ ካብኣቶም ኣግሊልካ ምስራሕ ጥራይ ኔሩ:: ስለ ዝኾነ ብኹሉ ኣባል ውድብ ተለለዩ እሞ: ከም ቀደሞም ኣደማዒ ስራሕ ክሰርሑ ኣጸገሞም::

ኣብ ከምዚ ዝኣምሰላ ሕማቅ ኩነታት እናህለወ ከኣ ውድብ ናብ ጉባእ ተኣተወ::

## 3ይ ሃገራዊ ጉባኤ

ብዕለት 06-29-1989 ዝጀመረ ጉባኤ፣ ውሽጣዊ ሓድነት ውድብ ኣብ ዝማህመነሉ እዩ ተኻይዱ:: እዚ ጉባኤ እዚ ካብ 348 ክካፈሉ ዝግብኦም ኣባላት 283 ዝተረክብሉ ክከውን እንከሎ፣ ጉጅለ ኣብ ህዝባዊ መዳይ ደገፍ ከም ዘይውንን ስለዝተረደአ ከብቶም ውሑዳት ቁጽሪ ኣባላት ሰራዊትን ካብ ከባቢ ጉባኤ ዝተግብረሉ ቦታን፣ ብጥንቃቐ ዝተመርጹ ከባቢ 75 ተሳተፍቲ ከሱልኽ ከእለ፣ እዚ ከኣ ሳላ እቲ ኣገዳሲ ናይ 3ይ ሃገራዊ ጉባኤ ኣሳናዳኢት ሽማግለ ቁልፊ ቦታ ዝተቖጻጸረ ኢብራሂም ጻዓታት እዩ::

እቲ ዝገረም ህ.ግ. ሰራዊታ ካብቲ ጉባኤ ዝተገብረሉ ቦታ ከባቢ ሰዓትን ፈረቃን ርሕቀት ኮይኖም ይቆጻጸሩ ከም ዝነበሩ ብድህሪ ጉባኤ ክፍለጥ ተኻኢሉ:: እዚ ኣንጻ እዚ ኣብ ጉባኤ እንተዘይዕወት ካብ መጥቃዕቲ ህ.ግ. ከምዘይምልጥ ምግማቱ ኣሸጋሪ ኣይኮነን:: ኣብ ፖለቲካ ዓለም መብዝሕትኡ ግዜ እቲ ውደባኡ ዘሐየለን ቁጠባዊን ፖለቲካዊን ትካልት ክቆጻጸር ዝኽኣለ ዕላምኡ ብዘየገድስ ናይ ምዕዋት ተኽእለኡ ጸብለልትነት ስለዘለዎ፣ እዚ ጉጅለ እዚ ኣብ ልዕሊ እቲ ብብውልቅኡ ዲሞክረሲያዊ ኣገባብና ይርገጽ ኣሎ፣ ኣንጻነት ኣብ ውድብና ኣብ ሓደገኛ ጸፍሒ በጺሑ ኣሎ ዝብል ዝነበረ ዝሰፈሐ ኣካል ብቀሊሉ ብምዕወት ሰውራዊ ባይቶ ክቆጻጸር በቒዐ:: እዚ ጉጅለ ንስዩም ብዘይንሕስያ ክቅንጽልዎ እንከለዉ ብኣንጻሩ ንሑመዳይ ድምጸም ብምሃብ ክሳብ ኣብ ፈጻሚት ሽማግለ ንኽሓኩር ፈቀድሉ:: እቲ ቅድሚ ጉባኤ ዝተኻየደ ናይ መጨረስታ ኣኼባ ሰ.ባ. ኣንዳዕዲዑ ”.... *ሑመዳይን ብርሃን ብላታን ኣብ ውሽጥና ዘለዉ ናይ ህ.ግ. ልኡኻት ስለ ዝኾኑ ምስኦም ንኽሰርሕ ሕልናይ ኣየፍቅደለይን....*” ዝብል ዝነበረ ኢብራሂም እውን ንፍቃድ ጉጅለ ደኣ ኣማለአ::

ብርሃን ብላታ እውን ብገዛእ ፍቃዱ ስሒቡ እምበር ኣብ መሪሕነት ምስተመርጸ ነይሩ::

ድሕሪ ጉባኤ ምዕዋቶም ብኡ ንብኡ ንዘይደልዮም ተጋደልቲ ብዘይተውጅህ ገደፎም፣ ተበሳጭዮም ውድብ ክገድፉ ከኣ ናይ ጸለመ ወፍሪ ኣጋየዱ:: የግዳስ እዚ ስለ ዝፈሸለ ውድብ ምንቅስቃስ ስኢኑ ደስከለ:: እዚ ጉጅለ እዚ እታ ሓንቲ ሃሙ ስልጠን ምጭባጥ እምበር ካልእ ዕምቅ ዝበለ ፖለቲካዊ መደባት ስለ ዘይነበሮ፣ ንጥፈታት ውድብ ደስከለ፣ ብኣንጻሩ ከኣ ውሽጣዊ ሓድነት ናይቲ ኣንጃ ክገማማዕን ክበታተንን ጀመረ:: ነዚ ብኣግኡ ዝተረደአ ኢብራሂም ከኣ ኣብ መንነ ኣብ ጉባኤ ዝተዓወቱን ዝተሳዕሩን ክብል ብጋህዲ ሰፍሕ ሰሚናር ብምክያድ ጽገናታት ከካይድ ፈተነ:: ኩነታት ከምዚሉ እንከሎ ብሰነኪ ምጣኑ-ሃብታዊ ቅልውላው ገለ ተጋደልቲ ክውገኑ ተወሲኑ እናተፈጸመ፣ ብኣንጻሩ ግን እዚ ኣንጃ እዚ ዝኣምኖም ተጋደልቱ ንኽፍረቁ ኣተባበዐን፣ ወሰነን:: ውድብ ኣብ ከምዚ ዝኣምሰለ ፖለቲካውን ቁጠባውን ጠሊቑ ክነሱ፣ ሓደ ብመንጽር ናይ ውድብና ዓቕሚ ክርአ እንኮሎ ከቢድ ውልቃዊ ዕድኡ ተኸፊልሉ ዝተሰለፈ ባእታ መንግስትኣብ ኣስመሮም እዩ:: ንውደብ ዘመሓላለፎ ዕዳውን ንምኽፋሉ ነዊሕ ዓመታት ወሲዱ እዩ:: ነዚ ብዝምልከት ኣብ ዝመጽእ ክፋል ከዕምቖ ክፍትን እየ::

ይቕጽል